4. ኣብ ግዚኡ ኣብ መዓስከር ሆሎት ዘይተርኸበን ፤ ንሆሎት ብዘይ ፍቃድ ን 48 ሰዓታት ዝሓደገን ብከምዚ ዝስዕብ ክእሰር ይኽእል፥፡
   ሀ) ካብ ሆሎት ካብ **2መዓልቲ ንላዕልን ካብ** 30 መዓልቲ ንታሕትን ዘብኮረ ኣብ ናይ መጀመርታ በደሉ ን 30 **መዓልቲ** ይእሰር ኣብ ናይ ካላኣይ **በደሉ ን45 መዓልቲ** ይእሰር ንተወሳኺ በደል ድማ 60 **መዓልቲ** ክእሰሰር ይኽእል። ድሕሪ'ዚ ናብ ሆሎት ይምለስ።
   ለ) ካብ ሆሎት ካብ 30 **መዓልቲ** ንላዕሊ ካብ 90 **መዓልቲ** ንታሕቲ ዝኾብለለ ን1ይ ገበን 60 **መዓልቲ** ይእሰር ን2**ይ ገበን** 75 መዓልቲ ንተወሳኺ ገበን 90 **ክእሰር ይኽእል።** ድሕሪ'ዚ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።
   ሐ) ካብ 90 **መዓልቲ** ንላዕሊ ካብ ሆሎት ዝኾብለ ን120 **መዓልቲ** ክእሰር ይኽእል፡ ድሕሪዚ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።

**<u>ግዜ ዝሕለፈ ቪዛ</u>**

እዚ ሓድሽ ሕጊ ከም ዝገልጾ ድማ ዝኾነ 2(a)5 ቪዛ ዘለዎ ካብ 30 **መዓልቲ** ንላዕሊ ዘይተሓደሰ ብኸምዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣብ( **ሳሃሮኒም** ወይ ድማ **ጊቭኦን** )ክእሰር ይኽእል፥፡

1. ዝኾነ 2(a)5 ቪዛ (ኮንዲሽናል ቪዛ) ዘለዎ ካብ 30 **መዓልቲ** ክሳብ 60**መዓልቲ** ቪዛ ዘየሓደሰ ክሳብ 60 **መዓልቲ** ክእሰር ይኽእል ። ድሕር'ዚ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።
2. 2(a)5 ቪዛ ዘለዎ ካብ 60 ክሳብ 120 **መዓልቲ** ዝሕለፈ ክሳብ 75 **መዓልቲ** ክእሰር ይኽእል ድሕሪዚ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።
3. 2(a)5 ቪዛ ዘለዎ ንልዕሊ 120 **መዓልቲ** ዝሕለፈ ንልዕሊ ን90 **መዓልቲ** ክእሰር ይክእል። ድሕሪዚ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።

ብምኽንያት መቕጻዕቲ ካብ ሆሎት ንዝሰጋገሩን ብናይ ምሕላፍ ቪዛ ዝቕጽዑን ዝምልከት እቲ ሕጊ ከም ዝገልጾ ጉዳዮ ክይተራእየ/ክይ ተሰምዔ ናብ ቤት ማእሰርቲ ክኸዱ ከምዘይብሎም የብርሕ፥፡ እቲ ሰብ ክርከብ እንተ ዘይኪኢሉ ግን ንሱ ኣብ ዘየለወሉ ትእዛዝ ክወሃብ ይከኣል እዩ። ግን ኣብ ዝተ ኣሰሩሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ጉዳዩ ንኽስማዕ ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ። እቲ እሱር ውን ካብ ዝተ ኣሰረሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 96 ሰዓታት ኣብ ናይ ቤት ማኣሰርት ዘሎ ቤት ፍርዲ ክቀርብ ኣለዎ።

**1 ጥሪ 2015**

**ሆትላዪን ንስደተኛታትን ንሰራሕ ዝመጹ ዝጣበቅ ማሕበር**
ጎደና ናሃልት ቢኒያሚን ቁጽሪ 75
ተሌፎን 035602530 ፋክስ 035605175

**<u>ቴሌፎን ንቅበለሉ ሰዓታት</u>**

ሰንበት ክሳብ ሓሙስ ካብ ሰዓት 9:00ክሳብ 17:00

**<u>ቤ/ጽ ኣገልጉሎት ዝህበሉ ሰዓታት</u>**

ሰንበት 9:00 ክሳብ 11:45 ካብ ሰዓት 14:00 ክሳብ 17:00
ሰኑይ ን ረቡዕን 14:00 ክሳብ 18:00
ሰሉስ ን ሓሙስን ካብ ሰዓት 9:00 ክሳብ 13:00

HOTLINE for REFUGEES and MIGRANTS "You shall not wrong a stranger or oppress him, for you were strangers in the land of Egypt" Exodus 22:20
*Formerly Hotline for Migrant Workers

## <u>ብመሰረት ሓድሽ ሕጊ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዘለዉ ሓተቲ ዕቁባ ዝምልከት ሓበሬታ</u>

ጸሊቆም ንእስራኤል ዝኣተዉ ዝዓግት ሓድሽ ሕጊ ካብ ዕለት 17 ታሕሳስ 2014 ኣብ ተግባር ውዒሉ ኣሎ። ነዚ ተማሓይሹ ዝወጸ ሕጊ ብምቅዋም ድማ ብዙሓት ትካላት ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ናብ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ እስራኤል ናይ ይግባይ ጥርዓን ኣቕሪበን ይርከባ። እቲ ናይ ይግባይ ጥርዓን ኣብ መስርሕ ዘሎ ኮይኑ፡ ንዕለት 3 ለካቲት 2015 ኣብ ቤት ፍርዲ ንክስማዕ ቆጸራ ተታሒዝሉ ኣሎ። በዚ ሓድሽ ሕጊ ክፋት መንበሪ መዓስከር "ሆሎት" ንሃገሮም ክኸዱ ዘይደልዩ ስደተኛታት ከም መንበሪ ኮይኑ ክቕጽል ዝጸደቀ ኮይኑ፡ በዚ መሰረት ድማ "ሆሎት" ከም መንበሪ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ ኮይኑ ን 20 ወርሒ ከገልግል እዩ፥፡ <u>እዚ ድማ ነቲ ካብ መጀመርታ ኣብ ሆሎት ዝጸናሕክሙሉ ግዜ ዘጠቓልላለ ኮይኑ ፡ብናይ ቪዛ ጸገመን ፡ ኣብ ሆሎት ሕግታት ብምጥሓስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝሓለፈ ግዜ'ውን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።</u>

| |
|---|
| ***<u>ብመሰረት ሕጊ ካብ ሆሎት ናጻ ዝኾኑ</u>*** ፡ ደቂ ኣንስቲዮ ፡ ትሕቲ ዕድመ ፡ ትሕቲ ዕድመ ውላድ ኣብ እስራኤል ዘለዎም ወለዲ ፡ ልዕሊ 60 ዓመት ሰብኡት ክምኡ ድማ ብርቱዕ ናይ ሕክምና ወይ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ፡ ግዳይ ናይ ምስግጋር ደቂ ሰባት ዝኾኑ (ኣብ ሲናይ ተጨውዮም ዝነበሩ) የጠቓልል። |

**<u>ብመሰረት ዕለት 17 /12/2014 ዝተወሰነ ንሆሎት ንኽትከይድ ዘድልዩ ተወሰኽቲ ቅጥዕታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡</u>**

- ሱዳናውያን ደቂ ተባዕትዮ ቅድሚ <u>31/5/11 ናብ እስራኤል ዝኣተዉ።</u>
- ኤርትራውያን ቅድሚ <u>31/05/09 ናብ እስራኤል ዝኣተዉ</u> (ከምኡ ውን ወርክ ቪሳ/ ናይ ስራሕ ቪዛ ዘለዎም የጥቓልል)።
- ኣብ ገበን ዝተሳተፉ ወይ ድማ ብገበን ተከሲሶም ናይ ገበን ፍርዶም ዝፈጸሙ።
- ስድራቤት ዘለዎም ደቂ ተባዕትዮ <u>ናብ ሆሎት ኣይ ከዱን</u> እዮም።

**<u>እዞም ኣብ ላዕሊ ዘለው ረቓሒታት ዘይምልከቱኻ ምስ ዝኾኑ ፡ ናብ ቤ/ጽ ኢምግረሽን ሆሎት ብምኻድ ኣድለይቲ ሰነዳትካ ሒዝካ ቅረብ። እቶም ሰነዳት ድማ ነዞም ዝስዕቡ እዮም።</u>**

ሀ) ዝተመርዓኻ ወይ ድማ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኣብ እስራኤል ዘለካ ምስትኸውን ፡ ነቲ ጥርዓንካ ከረጋግጽ ዝኽእል ኩሉ ዓይነት ሰነዳት ሒዝካ ንናብ ቤ/ጽ ኢሚግረሽን ቅረብ። ከም ኣብነት፥

- መረጋገጺ ወረቐት ትውልዲ ካብ ሆስፒታል (ኦርጂና ወይ ድማ ኮፒ) ኮይኑ ናይ <u>ክልተ ወለዲ ስም ዝተጻሕፎ</u> ቁጽሪ ቪዛ ናይ ክልተ ወለዲ ኣብቲ ሰነድ ዝተንነጸረ ክኸውን ኣለዎ።
- ናይ ቃል ኪዳን ሰርቲፊኬት ካብ ዝመጻኻሉ ሀገር ወይ ድማ ካብ ኣብ እስራአል ዝርከባ ቤተ ክርስቲያን የድሊ፥፡ እቲ ሰረቲፊኬት ብትግርኛ ወይ ድማ ብኣምሓሪኛ እንተኾይኑ **ብኢንግሊዝ ከም ዝተጻሕፈ ውን ኣረጋግጽ።**
- ውጺኢት መረመራ ናይ ጥንሲ ፡ ናይ ትውልዲ ሰርቲፊኬት፣ ናይ ጥምቀት ሰርቲፊኬት ካብ እስራኤል ወይ ድማ እቲ ቆልዓ ካብ ዝተወልደሉ ሃገር።
- ሰርትፊኬት ካብ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ብመንግስቲ ፍሉት ካብ ዝኾነ መዋእለ ህጻናት ኮይኑ ስም ናይ ክልተ ወለዲ ቁጽሪ ቪዛን ስም ናይ ቆልዓን ዝተጻህፎ ክኸውን ኣለዎ።
- ደብዳቤ ካብ ማህበረዊ ጉዳያት፡ ሶሻል ዎርከር ፡ ዶኩቶር/ጠበቃ/ዋና ገዛ/ ኣስራሒ ወይ ድማ ዝኾነ ንስድራቤት ዝፈልጥ ሰብ ምስክርነቱ ክህብ ይኽእል። ኣብዚ ደብዳቤ ኣስማት ቁጽሪ ቪሳ ናይ ክልተ ወለዲ ብንጹር ዝተጻህፈ ምኻኑ ኣረጋግጽ።

- ቢል/ቅብሊት ናይ ባንኪ ሕሳብ ወይ ድማ ዝኮነ ሕጋዊ /ፋይናንሻል ዶኩሜንት  ናይ ክልተ መጻምዲ ኣስማትን ቁጽሪ ቪዛን ዘለዎ።
- ኣቀዲምካ  ምሉእ ስድራቤት ኣብ ዩኤን (UNHCR) ኣመዝጊብካዮም እንተነርካ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዩኤን (UNHCR) ናይ ዝተመዝገቡ መረጋገጺ ክህቡኻ እዮም።
- ናይ ስድራቤት/ ናይ መርዓ ስእልታት።

ለ) **ኣብ ናይ እስራኤል ቤት ትምህርቲ ዝተመሃርካ  ምስ ትኸውን** ድማ ስምካን ቁጽሪ ቪዛኻን ዘለዎ መሰነይታ ሰነድ ካብ ዝተማሃርካሉ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሒዝካ ናብ ኢምግሬሽን ቅረብ። ብተወሳኺ ድማ እቲ ዝተወልደካሉ ዕለት እንተ ዘይ ተመዝጊቡ ዝኾነ መሰነይታ ክኾነካ ዝኽእል ደብዳቤ ካብ ቤ/ት ትምህርቲ ወይ ድማ ካብ ሶሳል ዎርከር (social worker) ኣምጽእ።

ሐ) **ዕድመ 60 ዓመት ወይ ድማ ካብኡ** ንላዕሊ  ምስዝኸውን ኣብ ቪዛ ክጸሓፍ ኣለዎ ። ኣብ ቪዛ ዝኾነ ጌጋ እንተ ተፈጺሙ ግን ዘለካ ናይ ደገፍ ደኩሜንት ማለት ከም መንነት ፡ ናይ ትውልዲ ሰርቲፊኬት ፡ፓስፖርት ሒዝካ ናብ ኢምግረሽን ቅረብ፥፡

መ) **ፍሉይ ናይ ጥዕና  ወይ ኣእምሮ ጸገም እንተለካ** ድማ ናብ ኣብ ሆሎት ዘሎ ደኩቶርን ኢምግረሽን  ኩሉ ዝሕግዘካ መሰነይታ ሰነዳትካን ፡ ካብ ሓኪምካ ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኻ ዝገልጽን ትወስዶም ዘለኻ መድሃኒትን ፡ መድሃኒት ብዘይ ምርካብካ ከጋጥመካ ዝኽእል ሓደጋን ዝገልጽ ደብዳቤ ኣቅርበሎም። ናይ ሕክማና ፋይልካ ኣብ ምድላው ሓገዝ ምስ ትደሊ ድማ ንቤ/ጽ ሓካይም ንሰብኣዊ  መሰላት ተወከስ። ኣድራሻ ድማ ኣብ ጎደና ዶሮር 9 ያፎ ኣዩ።

ሰ) ካብዚ ወጻኢ **ፍሉይ ምኽንያት ምስ ዝህልወካ ጉዳይካ** ኣብ ዝረኣየሉ ግዜ ኣቅርቦ፡ ንእምግሬሽን ድማ መርትዖ ዝኾነካ ሰነድ ኣቅርበሎም።

| |
|---|
| እዚ ሕጊ ዝኾነ ሰብ ንሆሎት ወይ ድማ ናብ ማእሰርቲ ቅድሚ ምጽውዑ **ግቡእ ምስማዕ ክግበርሉ** ይሕብር። ስለዚ ጉዳይኩም ኣብ ዝረኣየሉ  ክሕግዘኩም ዝኽእል ሰነዳት ምሳኹም ተማልእዎ። <u>ኩሉ ሰነዳትኩም ምምላእ ኣየድልየኩምን እዩ ፡ እንተ ኮነ ግን ክሕግዘኩም ዝኽእል ኣገዳሲ ትብልዎ ሰነዳት ክትማልኡ ግን ንሕብር።</u> ጉዳይኩም ኣብ ዝሰማዓሉ ግዜ ዋላ መርትዖ ኣይሃልኩም ኩሉ ጉዳያትኩም ኣቅርብዎ። ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ቅጥዕታት ከተማልኡ እንተ ዘይኪ ኢልኩም ወላውን እስራኤል ዝኣተኹምሉ ግዜ ጥቀስዎ። |

**<u>ነዚ ኹሉ ጌረ  ኢምግረሽን ንሆሎት ዝብል እንተ ሂቦምኒ/ ነቲ ጳዊዒት ናይ ሆሎት እንተ ዘይሰሪዞም'ኽ</u>**

በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መሰረት ኣብ ናይ ስርሕ ሰዓታት ናብ ሆትላይን መጺኻ ተወከስ።

**ኣስተውዕሉ ኣብዚ ደረጃ ሆትላይን ብፊላይ ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳይት ጥራሕ ክተሓጋገዝ ይኽእል፡** ሀ) ዝተመርዓኻ ወይ ድማ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ኣብ እስራኤል ምስ ዝህልወካ። ለ) ኣብ ናይ እስራኤል ቤት ትምህርቲ ዝተማሃርካ ምስ ትኸውን ሐ) ልዕሊ 60 ዓመት ምስ ትኸውን መ) ግዳይ ምስግጋር ደቂ ሰባት (ኣብ ሲናይ ዝተጭውየ) ንዝኾነ ሰ) ኣብ ሆሎት ዘለው ሓካይም ክትፍታሕ እንተ ኣዚዞም ሸ) ካልእ ፍሉይ ምኽንያታት ምስ ዝህሉ።

**<u>ንኹሉ ዘድሊ ቅጥዕታት ኣማሊኤ  ሆትላይ  ክሕጉዝኒ ፡እንተዘይ ክኢሎምከ፡</u>**

ሆትላይን ክሕግዘካን ካብ ናይ ሆሎት መጸዋዕታ ከትርፈካ እንተዘይ ኪኢሉ፡ ብዛዕባ ዘተወህበካ ውሳነ ይግባይ ምባልን ጠበቃ ምግባርን መሰል ከምዘለካ ምፍልላጥ ኣገዳሲ እዩ። ብፊላይ ድማ ናይ ገንዘብ



ዓቅሚ ምስ ዝህልወካ። ብምኽንያት ፍርሂ፡ኣብ ሃገርካ ክበጽሓካ  ዝኽእል መጉዳእቲ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ዘይ ትኽእል ምስትኸውን ኣብ እስራኤል  ዕቁባ ናይ ምትሕታት መሰል ኣለካ ። ክሳብ ሕጂ ዕቁባ እንተ ዘይ ሓቲትካ ድማ ሕጂ ዕቁባ ሕተት። ኣብዚ ዕድል ተዋሂቡካ ዘሎ ግዜ ዕቁባ ኽትሓትት እንተዘይ ኪኢልካ ኣብ መጻኢ እቲ ዕድል ዘይ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ዋላ እካ ካብ ሆሎት ምኻድን ምትርፋፍ ጽልዋ እንተ ዘይብሉ ካልእ ረብሓታት ክህልዎ ግን ይኽእል እዩ፥፡

## "ምብጻሕ ስዳራቤት" ካብ ሆሎት

ንስኻ ወይ ናይ ቀረባ ቤተሰብካ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ምስ ዘጋጥሞ ሓላፊ ሓለዋ ዶባት ን96 ሰዓታት ካብ ሆሎት ንኽትወጽእ ከፍቅደልካ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ካብ ናይ ካልኦት ዝሓሸ ንውሓት ግዜ ማለት እዩ። ነዚ ዘርከብካዮ ጥርዓን ቅቡል ምስ ዘይከውን ወይ ምስ ዝንጸግ እቲ ፈራዲ ኣካል ናይ ሳሃሮኒም ጊዳይካ ደጊሙ ክሬኦ ይከኣል እዩ። እዚ ማለት ግን ካብቲ ዝተነጸግካሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 14 መዓልቲ ይግባይ ናይ ምባል መሰል ኣለካ።

## ቤት ማእሰርቲ ኣብ ሳሃሮኒም/ጊቭኦን

**<u>ንሓደስቲ ዝመጹ</u>**

ብመሰረት እዚ ሓድሽ ሕጊ ዝኾነ ብዘይ ፍቃድ ዶብ ሰጊሩ ናብ እስራኤል ዝመጸ  ካብታ እስራኣል ዝኣተወላ ዕለት ጀሚሩ ዝሕሰብ ን 3 ወርሒ ክእሰር የፍቅድ። በዚ ሓድሽ ሕጊ ዝተኣሰረ ሰብ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ምቁጽጻር ሓለዋ ዶባት እስራኤል ይቀርብ። ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣብ ቤት ማእሰርት  ዘሎ ቤት ፍርዲ ይቀርብ። ምቁጽጻር ሓለዋ ዶባትን ቤት ፍርድን ብሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ንኡሱር ከፈትሑ ይኽእሉ።

1. እቲ ማእሰርቲ ኣብ ጥዕና እሱር ጉድኣት ከምጽእ ዝኽእል እንተ ኾይኑ እዚ ድማ ብምኽንያት ዕድመ፡ ኩነተ ጥዕናኡን  ኣእምረኡ ብምርኣይ።
2. ብሰብኣዊ ኩነታት ንኣብነት ኣላዪ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ።
3. እቲ ኣሱር ኣላዪ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ምስ ዝኸውን
4. ምፍታሕ እሱራት ንዓዶም ወይ ንሃገሮም ኣብ ምኻድ ሓጋዚ ምስ ዝኸውን
5. 60 መዓልቲ ካብቲ ንቪዛ ይኹን ንመንበሪ ዝተሓተተሉ ግዜ ምስ  ዝሓልፍን እቲ መስርሕ ዘይ ጀመረ  ምስ ዝኸውንን።

**<u>ምስግጋር ካብ ሆሎት</u>**

እዚ ሓድሽ ሕጊ ካልእ ዝገልጾ ድማ ዝኾነ ሰብ ንመምሪሒታት ሆሎት ምስ ዘይ ምእዘዝ ኣብተን ዘለዋ ቤት ማእሰርት ብኸምዚ  ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣብ ቀይዲ ክኣቱ ይኽእል፥፡

1. ኣብ መዓልታዊ ዝግበር ጽዊዒት/ምቁጽጻር ደንጉዩ ዝመጽእ ወይ ድማ ጠቕሊሉ ዘይርከብ፡ ብተደጋጋምን ብሜላን ሕግን ትእዛዛትን ዝጠሓሰን ኣብ ልዕሊ ንብረት ጉድኣት ዘውረደ ን15 **መዓልቲ** ይእሰር። ድሕሪ ማኣሰርቲ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።
2. ኣብ ልዕሊ ኣካላት ጉድኣት ዘውረደ ሰብ ንናይ መጀመርያ በደሉ 15 ይእሰር ንኻል ኣይ በደሉ 30 **መዓልቲ** ይእሰር 45 **መዓልቲ** ድማ ንተወሳኺ ገበን ይእሰር።  ድሕሪ'ዚ ናብ ሆሎት ይምለስ።
3. ካብ መዓስከር ሆሎት ወጺኻ ምስራሕ ዝኽልክል ሕጊ ዝጠሓሰ ንናይ መጀመርያ በደሉ 30 **መዓልቲ** ይእሰር ንካልኣይ ጥሕሰት 45 **መዓልቲ** ይእሰር ንተውሳኺ  ጥሕሰት ድማ 60 **መዓልቲ** ይእሰር። ድሕሪ'ዚ ናብ ሆሎት ይምለስ።